ሓዲሽ ሓበረታ ብዛዕባ ኮሮና

# CORONA

ቁጽሪ 3
ሚያዝያ 2020

## ኣብ ናይ'ዚ ወቕቲ በዓላት ኣይንግሸ

**ፋሲካ : ፋሲካ ኣይሁድ : ሮሞዳን። ኣብ ናይ'ዚ ወቕቲ በዓላት ብዙሓት ኣዕሩኽቶምን ስድረኦምን ክረኽቡ ይደልዩ። ሎሚ ዓመት ግን ኩልና ኣብ ገዛና ኮፍ ክንብል ኣለና።**

ብዙሓት ሽወደናውያን ኣብ ናይዚ ወቕቲ በዓላት ናብ ናይ ዕረፍቲ ግዜ ገዝኦም ምጋሽ ወይ ናብ የዕሩኾምን ስድርኦምን ምብጻሕ የዘውትሩ። ኣብዚ ኣውራጃ ዝርከቡ ብዙሓት ቦታታት በቶም ኣብ ዓበይቲ ከተማታት ዝነብሩ ኣዝዩ ስለዝፍቶ ሰባት ኣብ'ዞም ቦታታት ንገለ መዓልትታት ክዕርፉ ይናፍቑ። ሎሚ ዓመት ግን ኩሉ ዝተፈልየ'ዩ። ብምኽንያት ዓለማዊ ለበዳ ኮሮና ቫይረስ ናይ ግድን ገዛና ኮፍ ክንብል ኣለና።

መብዛሕትኦም እቶም ዝተለኽፉ ኣብ ስቶኮልም'ዮም ዝርከቡ። ቅድሚ ትንሳኤ ሰባት ካብ ስቶኮልም ናብ ምሉእ ሃገር ብምንቅስቓስ ነዚ ለበዳ ከየላብዕዎ ብዙሓት ሰባት ተሻቒሎም ኔሮም።

ኣብዚ ዝመጽእ ዘሎ ወቕቲ ግን ብዙሓት ዓበይቲ በዓላት ይመጽኡ ኣለዉ። ዋላ'ውን ስድራናን የዕሩኽትናን ክንረክብ እንተናፈቕና ክንገይሽ የብልናን። ሓደጋ ምስፍሕፋሕን ምልካፍን ኮሮና ቫይረስ ክሳብ ዘይህልወሉ ግዜ ክንጽበ ኣለና።

ዝሓመመ ውላድ ወይ ካልእ ሰብ ንምክንኻን ምጋሽ ግዴታ እንተኮይኑ : ከምኡ ምግባር ይከኣል'ዩ። በንጻሩ ግን ንዕረፍትን ንምዝንጋዕን እንተደኣ ኾይኑ ከምኡ ምግባር ኣድላዪ ኣይኮነን።

Krissamverkan Kalmar län

ኣብ ህጹጽ ኩነታታት ሓቢሮም ዝሰርሑ ኣካላት ኣውራጃ ካልማር ፣እዚ ምትሕብባር ኣብ ሞንጎ ኩለን ኮሙናት ናይዚ ኣውራጃ ፣ምምሕዳር ኣውራጃ ክልማር ፣ዞባ ካልማር፣ኩሎም ኣብዚ ኣውራጃ ዘለዉ ሰበስልጣናትን።

facebook.com/krissamverkan.kalmar

Kalmar kommun